## تهنئة بمناسبةعيد الفطر المبارك

يسرالوحدة الأرترية للتغيير الديمقراطي أن تزف أسما آيات التهاني والتبريكات بمناسبة عيد الفطر السعيد الى الشعب الأرتري عامة والمسلمين الخاصة، ولقوى التغيير الديمقراطي كافة، وقوات الدفاع الأرترية ،وتبعث أمنياتهاالحارة أن يكون عيد سلام وإستقرار وإزدهار وإحترام وتعاون الى عموم الشعب الأرتري .

ونحن إذ نحتفي بعيد الفطر هذا العام، والشعب الأرتري يعيش حياة الخوف والإرهاب، وغياب الإدارة الرشيدة وسيادة القانون، تحت رحمة نظام الهقدف الشمولى، والذي يرفع شعارات الحرية والسيادة الوطنية. وتمر علينا ٢٤ عام من الطغيان وسلب الحقوق الأساسية للإنسان الأرتري والنظام يمارس التعذيب الأمر الذي يجعله عرضة المحاسبة والمساءلة القانونية. ونحن في مرحلة يتعرض فيها الشعب الأرتري لمعاناة لا مثيل لها وقد وجدت التعاطف والإهتمام من المجتمع الدولي، وهو ما يحتم على كل قوى التغيير الديمقراطي أن تدرك إنها بوادر النصر بدأت تلوح لكن يطل تساؤل ماذا علينا أن نفعل في هذه المرحلة ؟؟؟ أن تتحمل مسؤليتها التاريخية وتؤدي واجبها وتقوم بالدور المنوط بها .

وعندما نشاهد الوضع الأرتري ونري حالة الغشاوة التي تعترض عقول مؤيدي الهقدف وعيونهم التي لا يرون بها وأذانهم التي لا يسمعون بها وهم لم يتصالحوا حتى مع أنفسهم بل يعملون على تحقيق مصالح فئة قليلة وأطالة عمر السلطة الحاكمة، وذلك بخروجهم في المسيرة الهزيلة في جنيف لتأييد النظام ولا ينتبهوا للمعاناة التي تقع على عاتق شعبهم . وعلى العكس من ذلك خروج الألاف من الشباب الى المسيرات السلمية الضخمة والتي توضح حجم الغضب العارم والآمال الكبير للتغييرفي صيحاتهم ضد الطغيان في كل من جنيف وإسرائيل وأثيوبيا، وهم الذين واجهوا مخاطر الموت في الصحارى والبحار وأجبروا على حياة اللجوء والتشرد .وأن الوعي الجماهيري الذي بدأ في التنامي في خلال ٢٤ عام الماضية

بإدراكهم أن هذا النظام لا يلبي طموحات وآمال الشعب الأرتري ، وإتضح حجم البغض الذي وصل الى أقصى درجاته، وقد بدأ يعلنه صراحة.

الوحدة الأرترية للتغيير الديمقراطي تتقدم بأجل آيات التقدير والشكر للمجتمع الدولي لما قام به من تعاطف ودعم للشعب الأرتري المغلوب على إمره، ولجنة التحقيق الخاصة على تقريرها المتجرد والذي إرتكز على الحقيقة، وأولئك الذين قاموا على الإعداد وتنظيم المسيرات السلمية ولن يضنو بالوقت والمال، ولم يكن لهم مصالح خاصة فيها، وبهذه المناسبة العظيمة نتوجه بالنداء لأؤلئك يقفون بجانب النظام وخرجوا في المظاهرة العقيمة ان يستعدوا رشدهم ويسائلوا أنفسهم لأن التاريخ لا يرحم، وهم لم تجنوا منها أي فائدة . وكذلك نناشد كل رجالات الدين أن يبثوا رسالاتهم الروحية، لما يحبه الخالق ويرضاه المخلوق، لان يوقفوا بجانب معاناة شعبهم .

## عيد فطر سعيد

## مكتب الثقافة والإعلام

## ١٦/ يوليو / ٢٠١٥

ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ الوحدة الارترية للتغيير الديمقراطي
Eritrean Unity for Democratic Change

## ርሑስ ዒድ ኣልፈጥር 2015

ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤስደለ) ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንኣመንቲ ሃይማኖት እስልምና ድማ ብፍላይ፡ ከምኡ'ውን ንኩሎም ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ርሑስ ዒድ ኣልፈጥር ዝብል መልእኽቱ የመሓላልፍ። በዚ ክቡር ኣጋጣሚ'ዚ ድማ ዒድ ኣልፈጥር 2015 ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዒድ ሰላም፡ ቅሳነት፡ ብልጽግና፡ ምክብባርን ምድግጋፍን ክኸውን ሰናይ ትምኒቱ ይገልጽ።

ዒድ ኣልፈጥር ፩0፷ ኣብ ነብዕለሉ ዘለና ህሞት፡ ህዝቢ ኤርትራ ብግዝኣተ ሕግን ሰናይ ምምሕዳርን ዘይኮነስ፡ ብራዕድን ሽበራን ይመሓደር ምህላዉ፡ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣንጸባራቂ ጭርሖታት ሃገራዊ ነጻነትን ልዕላውነትን ተጎልቢቡ፡ ን፪፬ ዓመት ኣብ ልዕሊ ዜጋታቱ ጨካን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ኣሰቓቒ ግፍዕታትን ብምፍጻሙ ተሓታቲ ምዃኑ፡ ኣብ ዝንጸረሉ ዘሎ እዋን'ዩ። ብሓፈሽኡ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ እቲ

መዳርግቲ ዘይብሉ ኲሉ-መዳያዊ ግህሰታቱን ግፍዕታቱን ቆላሕታን ምድንጋጽን ማሕበረ-ሰብ ዓለም ኣብ ዝረኸበሉ እዋን ነብዕሎ ምህላውና የመልክት። እዚ ውድዕነት'ዚ ብርግጽ ንሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ዓቢ ዓወት ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ብድሕሪኡ እንታይ'ዩ ክግበር ዘለዎ ብምባል ሓላፍነቶም ክብ ከብሉ ይግባእ።

ኣብ ኤርትራዊ መዳይ ምስ ንዕዘብ ገና እቶም ሓንጎሎም ተደፊኑ ዓይኖም እናረኣየ ዝዓወሩ፡ እዝኖም እናስምዐ ዝጸመሙ፡ ምስ ሕልንኦም ከይተረፈ ምትዕራቕ ዝሰኣኑ ደገፍቲ ህግደፍ፡ ብቀረባ ወጽዓታት ናይ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ብምኽሓድ፡ ኣብ ክንዲ ምስ ህዝቦም ደው ምባል ፖሎቲካዊ ስልጣንን ረብሓታትን ጸቢብ ጉጅለ ክናውሕ ዝመነዩ፡ ኣዝዩ ድኹም ሰላማዊ ሰልፊ ዝወጽሉ ግዜ'ዩ። ብኣንጻሩ ድማ ነድርታትን ቁጠዐታትን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብሓፈሻ፡ ግዳይ ናይቲ እከይን ጨካንን ስርዓት ኮይኖም ክንደይ ሓደገኛ በረኻታት፡ ምድረ-በዳታትን ባሕርታትን ሰጊሮም ክስደዱ ዝተገደዱ መንእሰያት ገንፊሎ ማዕበል ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ኣብ ጀኔቭ፡ እስራኤልን ኢትዮጵያን ዝተጋህደሉ ህሞት ብምዃኑ ተስፋ ዘስንቕ ክውንነት ምዃኑ ይሕብር። ብሓጺሩ ህዝብና ኣብዚ ፳፬ ናይ ነጻነት ዓመታት ካብ ግዜ ንግዜ ብተሞክሮኡ ንቅሓቱ እናበረኸ መጺኡ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ሃንቀውታ ኤርትራን ህዝባን ዘይውክል ብምዃኑ፡ ብግብሪ ፎእ እናተባህለ መጺኡ ናብ ዝተፈንፈነሉ ብርኪ በጺሑ ምህላዉ ብድፍረት ምዝራብ ይኽኣል'ዩ።

ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤስደለ) ማሕበረ-ሰብ ዓለም ንወጽዓታት ህዝቢ ኤርትራ ቆላሕታ ክገብር ብርቱዕ ጻዕርታት ንዝገበሩ ምሁራት፡ መርማሪ ኮምሽን ነጻ ኮይኑ ኣብ ውድዕነት ዝተሞርኮሰ ሓቀኛ ጸብጻብ ምቕራቡ፡ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ማዕበል ዝኾነ ሰላማዊ ሰልፊ ንምክያድ ዘወሃሃዱ፡ ኲሉ ግዚኦምን ገንዘቦምን ከይበቐቑ ኣብ ሰላማዊ ሰልፍታት ዝተሳተፉ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ደጊሙ ዝለዓለ ምስጋንኡ የቕርብ። በዚ ክቡር ኣጋጣሚ'ዚ ድማ ካብቲ ስርዓት ዝኾነ ይኹን ረብሓታት ዘይብሎም ኮይኑ ግን ምስኡ ተሰሊፎም ዝርከቡ ደገፍቱ፡ ታሪኻዊ ተሓታትነት ከየርከቦም ከሎ ደጊሞም ደጋጊሞም ሕልንኦም ክምርምሩ፡ ኲሎም መራሕቲ ሃይማኖት'ውን ኣብ ጎኒ'ቲ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ደው ምስ ዝብሉ፡ ሰብን ፈጣርን ዝፈትዎ ተግባር ብምዃኑ ኩሉ መዳያዊ መንፈሳዊ ሓላፍነቶም ክዋጽኡ መጸዋዕትኡ የቕርብ።

ርሑስ ዒድ ኣልፈጥር 2015

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤስደለ)

16 ሓምለ 2015